
IQ Netzwerk Thüringen

FAIRE INTEGRATION

# Arbeitszeit

Working hours Heures de travail Jornada laboral
Рабочее время ሰዓታት ስራሕ Saacadaha shaqada
ساعات العمل ساعات کار



Know your rights!
Quels sont mes droits?
¿Cuáles son mi derechos?
Какие у меня права?
እንታይ እዮም መሰላተይ፧
Maxaan xaq u leeyahay?
ما هي حقوقي؟
حقوق من چیست؟

## Was sind meine Rechte?

in englisch, französisch, spanisch, russisch, tigrinya, somali, arabisch, dari und deutsch — in english, français, espanol, русский, ትግርኛ, soomaali, العربية , دری und deutsch

tigrinya

ኣብ ገለ እዋናት ኣብ መንጎኹምን ኣስራሒኹምን ክንደይ ሰዓታት ስራሕ ከም ዝሰራሕኩም ናይ ዘይምስምማዕ ኩነታት ክፍጠር ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ደሞዝ ናይ ዝሰራሕክዎ ሰዓታት ስራሕ ክትክፈሉ ክትጠልቡ እንተ ኼንኩም፣ መዓስ ከም ዝሰራሕኩም ብልክዕ ክትፈልጡ ጽቡቕ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ርእሲ እቲ በቲ ትሰርሕሉ ትካል ዝግበር ናይ ስራሕ ግዜ ምዝገባ፣ ንስኹም ባዕልኹም ኣበየናይ ግዜ ከም ዝሰራሕኩም ብግቡእ ክትጽሑፉን ክትስንዱን ንምሕጸነኩም። ነቲ ናይ ስራሕ ግዜ ንምምዝጋብ ድማ ሓደ ኦርኒክ (ቅጺ) ንዓኹም ዝኸውን ከም ሓገዝ ኣማዕቢልና ኣለና። ኣብ'ዚ ድማ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰሙን ዝሰራሕኩሞ ናይ ስራሕ ግዜ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ስራሕ ዝወሰድክምዎ ሓጸርቲ ዕረፍታት (Pausenzeiten) ክትጽሕፉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ናይ ስራሕ ግዜ ድማ ምስ'ቲ ዝወሃበኩም ቅብሊት ሕሳብ ደሞዝ (Lohnabrechnung) ክተወዳድርዎ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ዝመዝገብኩሞ ናይ ስራሕ ግዜ ከምኡ'ውን ቅብሊት ሕሳብ ደሞዝ ብግቡእ እንተ ዓቒብክምዎ ድሕሩ ዝኾነ ጸገም እንተ ኣጋጢሙ ክልቲኡ ክተወዳድርዎ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብ ዓውዲ ምግጥጣም ናይ ነገራት (Montage) ትሰርሑ እንተ ኼንኩም ወይ ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ (Leiharbeit) ትነጥፉ እንተ ኼንኩም እቲ ትሰርሕሉ ቦታ ክትጽሕፍዎ ሓጋዚ እዩ ምኽንያቱ እቲ ናይ ስራሕ ቦታ ስለ ዝቀያየር።

ሕሳብ ደሞዝኩም ጌጋ ኮይኑ እንተ ተሰሚዕኩም ምኽሪ ክትረኽቡ ፈትኑ!

## ናይ ስራሕ ግዜ

ኣብ ጀርመን ኣብ መዓልቲ ከምኡ'ውን ኣብ ሰሙን ክንደይ ሰዓታት ከም ትሰርሑ ብሕጊ ዝቖመ እዩ። እቲ ዝለዓለ ትሰርሕዎ ግዜ ኣብ መዓልቲ ካብ 8 ሰዓታት ክሓልፍ የብሉን። እዚ ናይ ስራሕ ግዜ ክናዋሕ ይኽእል እዩ እንተደኣ ብገምጋም ኣብ ውሽጢ 24 ሰሙናት ወይ 6 ኣዋርሕ እቲ ዝሰራሕኩሞ ግዜ 8 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ እንተ ዘይሓሊፉ። እዚ ናይ ስራሕ ግዜ ግና ካብ 10 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ክሓልፍ የብሉን። ኣብ ገሊኡ ስራሕ ግን ዝተፈለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ምኽሪ ክትረኽቡ ፈትኑ!

## ዕረፍቲ ኣብ መንጎ ስራሕ (Pausen)

ኣብ መንጎ ስራሕ ዝወሃብ ሓጺር ዕረፍቲ ኣይክፈልን እዩ። ሰብ እንተደኣ ልዕሊ 6 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ሰሪሑ፣ 30 ደቓይቕ ዕረፍቲ ክገብር ኣለዎ። ልዕሊ 9 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ እንተ ሰሪሑ ድማ 45 ደቓይቕ ዕረፍቲ ክገብር ኣለዎ። እቲ ዝወሃብ ሓጺር ዕረፍቲ ክመቓቐል ይኽእል እዩ – እቲ ኣብ ሓደ እዋን ዝወሃብ ዕረፍቲ ግና እንተወሓደ 15 ደቓይቕ ክኸውን ኣለዎ። ናይ'ዚ ሓጺር ዕረፍቲ መሰል ድማ ኣለኩም። ኣብ ገለ ትካላት ስራሕ እቲ ዝወሃብ ዕረፍቲ ዝነወሐ ክኸውን ይኽእል እዩ ወይ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ግዜ ክወሃብ ይኽእል እዩ። ስራሕ ምስ ጀመርኩም መዓስ ዕረፍቲ ኣብ መንጎ ስራሕ ከም ትወስዱ ክትፈልጡ መሰል ኣለኩም።

## ናይ ህድኣት ግዜ (Ruhezeit)

ስራሕ ብጠቕላላ ምስ ተወድአ ሰብ እኹል ናይ ህድኣትን ዕረፍትን ግዜ ክህልዎ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት ድማ ስራሕ ብጠቕላላ ምስ ተወደአ ኣብ ዝቕጽል መዓልቲ ስራሕ እንደገና ቅድሚ ምጅማሩ ብመሰረት ሕጊ እንተ ወሓደ 11 ሰዓታት ናጻ ናይ ህድኣት ግዜ ክወሃበኩም ኣለዎ። ኣብ ገሊኡ ስራሕ ግን ዝተፈለየ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ሕላፍ-ሰዓታት ስራሕ (Überstunden)

ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ትካል ብዙሕ ስራሕ እንተደኣ ሃልዩ፣ እቲ ትካል ወይ ሓለፍቲ እቲ ትካል ካብ'ቲ ልሙድ ሰዓታት ዝያዳ ስራሕ ክእዝዙ ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት፦ ኣብ ንቡር ኩነታት 7 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ትሰርሑ። ድሒሩ ግና 10 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ክትሰርሑ ክትእዘዙ ትኽእሉ ኢኹም። ስለዚ እቲ 3 ሰዓታት ተወሳኺ ወይ ሕላፍ-ሰዓታት ስራሕ እዩ። እዚ ድማ ብመልክዕ ገንዘባዊ ክፍሊት ወይ ብመልክዕ ናጻ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ክወሃበኩም ኣለዎ። እዚ ሕላፍ-ሰዓታት ስራሕ ግና ኩሉ ግዜ ብሓለፍቲ ናይ'ቲ ትካል ክእዘዝ ኣለዎ።

## ናይ ስራሕ ግዜ ሕሳብ (Arbeitszeitkonto)

ኣብ ሰሙን ክንደይ ሰዓታት ስራሕ ከም ትሰርሑ ኣብ ውዕል ስራሕኩም ተጠቒሱ ኣሎ። ኣብ ገለ እዋናት ድማ ተወሳኺ ወይ ሕላፍ-ሰዓታት ስራሕ ክትሰርሑ ትግደዱ ኢኹም። እዚ ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ትካል ዝምርኮስ ኮይኑ፣ ተወሳኺ ሰዓታት ስራሕ ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ግዜ ሕሳብ ይምዝገብ እዩ። ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ (Leiharbeit / Zeitarbeit) ድማ እዚ ናይ ስራሕ ግዜ ሕሳብ ኩሉ ግዜ ኣሎ። ንኣብነት፦ ኣብ ሰሙን 35 ሰዓታት ናይ ስራሕ ግዜ እንተደኣ ሃሊኩም፣ 40 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ኣብ ዝስርሖ ትካል ክትምደቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዘን 5 ሰዓታት ድማ ተደማሪ ወይ ተወሳኺ ሰዓታት ስራሕ እየን ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ግዜ ሕሳብ ይምዝገባ። ናይ'ዘን ተወሳኺ ሰዓታት ስራሕ ድማ ኣብ ካልእ መዓልቲ ናጻ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ትወሃቡ ወይ ብመልክዕ ገንዘባዊ ክፍሊት ብዝተወሰነ ቁጽሪ ትኽፈሉ። ድሒሩ እቲ ናይ ስራሕ ዝምድና

ምሉእ ብምሉእ ምስ ኣብቀዐ ድማ ኩሉ እቲ ዘይተኸፈለ ሰዓታት ስራሕ ክትክፈሉ መሰል ኣለኩም።

## መሰልኩም ትሓትሉ ናይ ገደብ ግዜ (Ausschlussfrist /Verfallsfrist)

መሰልኩም ትሓትሉ ናይ ገደብ ግዜ ወይ መሰልኩም ዝሓረሉ ናይ ገደብ እዋን ኣብ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሓደ ናይ ውዕል ስራሕ ወይ ኣብ ሓደ ሓባራዊ ናይ ምውጋይ ውዕል (Tarifvertrag) ይጥቀስ እዩ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ናይ ሕሳብ ደሞዝኩም ጌጋ እንተ ኣጋጢሙ ወይ ዘይተኸፈለ መሰል እንተድኣ ሃሊኩም፣ ነዚ ክትእርምዎን ብዛዕባኡ ድማ ክትሕብሩን ዝተወሰነ ግዜ ጥራይ እዩ ዘለኩም። እዚ ማለት ንኣብነት፦ ካብ'ቲ ዝሰራሕኩሞ ሰዓታት ስራሕ ናይ ውሑድ ሰዓታት ጥራይ እንተ ተኸፊልኩም፣ ናይ'ቲ ዝተረፈ ሰዓታት ንኽትክፈሉ ጠለብኩም እተቕርብሉ ጌዜ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ጥራይ እዩ።

## ምምዝጋብ ሰዓታት ስራሕ

ኣስራሒ ንነፍሲ-ወከፍ ዝሰራሕኩሞ ሰዓታት ስራሕ ክኸፍለኩም ኣለዎ። ምናልባት ኣብ ገለ እዋናት ኣስራሒ ንዓኹም ዝኸውን ስራሕ ዘይብሉ ክኸውን ይኽእል እዩ ንኣብነት ኣብ ናይ ልቓሕ ስራሕ (Leiharbeit)። ኣብ ናይ ውዕል ስራሕኩም ዝተወሰነ ሰዓታት ስራሕ እንተደኣ ተወዲቡ፣ ንስኹም ድማ ንኽትሰርሑ ድልዋት እንተ ኼንኩም፣ እቲ ኣስራሒ ነዚ ሰዓታት ክኸፍለኩም ኣለዎ። ስለ'ዚ ነቲ ኣስራሒ ንኽትሰርሑ ድልዋት ምህላውኩም ክትሕብርዎ ኣገዳሲ እዩ።

| ምዝገባ ሰዓታት ስራሕ | | Arbeitszeit-erfassung |
|---|---|---|
| ስም | 1 | Name |
| ሰሙን | 2 | Kalenderwoche |
| ወርሒ | 3 | Monat |
| መዓልቲ | 4 | Tag |
| ሰዓት ምጅማር ስራሕ | 5 | Arbeitsstart |
| ሰዓት ምውዳእ ስራሕ | 6 | Arbeitsende |
| ዕረፍቲ ኣብ መንጎ ስራሕ | 7 | Pausen |
| ሰዓታት ስራሕ | 8 | Arbeitsstunden |
| ቦታ ስራሕ<br>ዓይነት ስራሕ<br>ትዕዝብቲ | 9 | Einsatzort<br>Tätigkeit<br>Anmerkung |
| ጠቕላላ ሰዓታት | 10 | Gesamtstunden |
| ካብኡ<br>ተወሳኺ/<br>ሕላፍ-ሰዓታት ስራሕ<br>ተደማሪ ሰዓታት ስራሕ<br>ዝጎደለ ሰዓታት ስራሕ | 11 | davon<br>Überstunden<br><br>Plusstunden<br>Minusstunden |

ትግርኛ

# Anerkennungs- und Qualifizierungsberatung

**Sie möchten in Deutschland arbeiten? Sie möchten Ihren ausländischen Abschluss anerkennen lassen? Wir beraten Sie zur Anerkennung Ihres ausländischen Abschlusses und unterstützen Sie beim Antrag. Wir beraten auch zu passenden Qualifizierungen.**

**Sie finden die IBATs (Informations- und Beratungsstellen Anerkennung Thüringen) in Mühlhausen, Eisenach, Erfurt, Jena, Gera und Meiningen. Wir beraten in ganz Thüringen.**

**Die Beratung erfolgt online, telefonisch oder persönlich. Die Beratung ist kostenfrei. Die Kontakte finden Sie unter www.iq-thueringen.de/iq-beratung/anerkennungs-und-qualifizierungsberatung.**

**Das Förderprogramm »Integration durch Qualifizierung (IQ)« zielt auf die nachhaltige Verbesserung der Arbeitsmarktintegration von Erwachsenen mit Migrationshintergrund ab. Daran arbeiten bundesweit Landesnetzwerke, die von Fachstellen zu migrationsspezifischen Schwerpunktthemen unterstützt werden. Das Programm wird aus Mitteln des Bundesministeriums für Arbeit und Soziales (BMAS) und des Europäischen Sozialfonds (ESF) gefördert. Partner in der Umsetzung sind das Bundesministerium für Bildung und Forschung (BMBF) und die Bundesagentur für Arbeit (BA).**

## Impressum


**Herausgeber**
DGB-Bildungswerk
Thüringen e.V.
Schillerstraße 44
99096 Erfurt

DGB-Bildungswerk
Thüringen e.V.

**Gestaltung und Satz**
Franziska Stübgen,
Titel-Grafik basierend auf einem Entwurf
von Bohdan Burmich (the Noun Project)

**Druck**
Fehldruck, Erfurt

**Übersetzungen**
Arabisch – Joudat Nasra
Dari – Zaki Farooqi
Russisch – David Usubian
Tigrinya – Fkreyesus Ghebreyesus
Französisch – Kristin Fischer
Englisch – Kristin Fischer
Somali – Tahlil Olad Hassan
Spanisch – Iolanda Benzo Pflug

Erfurt, April 2020

Das Förderprogramm »Integration durch Qualifizierung (IQ)« wird durch
das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.

In Kooperation mit:

Bundesministerium für Arbeit und Soziales

ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland

Europäische Union

Zusammen. Zukunft. Gestalten.

Bundesministerium für Bildung und Forschung

Bundesagentur für Arbeit